# ደቂ ኤረ ኣይንህመልን'ና፥ ጽንዓት ልዝብ ውፉይነት'ዩ ሕድሪ ሰውኣትና!!

*ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ **ንሰላምን ቅሳነትን፡ ናይዛ ካብ ጀጋኑ ሰዉኣትና ብሕድሪ ዝተረከብናያ ሓላል መሬት፡** ብምዝራግ ዘይሕብራ ለኽዮም ከጸልምዋ ብዚፍትኑ ዕሱባት ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ ፍሹል ውዲታት ከምዝተኻየደ ኵልና ሰሚዕናዮ ኣሎና። እዚ ካብ መላእ ዓለም ዝመጹ በጻሕቲ፡ ብኣካል እናረኣዩዎ ሓቅነቱ ምእማን ዘጸግሞም ሰላምን ቅሳነትን፡ ነቶም ሰብ ፍሉይ ረብሓ ስለዘየቕሰኖም ከኣ፡ ንገለ ውሑዳት ከዳዓትን ተንበርከኽትን ዓሲቦም፥ ዘይተዓወቱሉን ዘሕፍርን ውዲታት ከከይዱ ቀንዮም ኣለዉ። እዚ ኣብ ኣስመራ ሚኒስትሪ ዜና ጀሚሩ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ድማ፡ ኣብ ገለ ኤምባስታት ኤርትራን ኣብ ቤት ጽሕፈታት ኤርትራውያን ማሕበረኮማትን ዝተፈታተነን ገለ'ኳ ከየፍረየ ዝፈሸለን ውዲታት ግን፡ ንዓና ንኤርትራውያን ዘህምለናን ዘርዕደናን ኣይኰነን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ንውዲት ባዕዳውያን ተኺሎ ነቚሕናሉስ፥ ነቶም ዕሱባቶም፡ **"ኣንታ እዚኣቶም እንታይ ኰይኖም!"** እናበልና ክዒብናዮምን ጕሂናሎምናን'ምበር፤ ተስፋ ኣቚሪጹ ዝበታትነና ኣይኰነን። ብኸምዚ ወድ ኸምዚ ርዒድና ንበታተን እንተንኸውን'ሞ ኸኣ፡ ነቲ ብቐጻሊ መልክዑ እናለዋወጠ ዝቐርብ እገዳታትን ሽርሕታትን ፈናጢስና፡ ነጻን ሉኣላዊትን ኤርትራ ክንዕቅባ ኣይበይ'ምኸኣልናን።*

***"ንዳይ ናይ ልቡ ይሓልም!"** ከምዝበሃል ግን፡ እዞም ነዳያት ዕሱባት ባዕዳውያን ተኺሎ፡ ዓቢ ቍምነገር ከምዝገበሩ ያኢ፡ ኣብተን ከም ናይ ሽወደን ኤክስፕረሰንን **EXPRESSEN** ካልኦት ንኺሕሰዉ ዝተሓባበራኦም ወያላት መራኽቢ ብዙሃንን፡ ሓለይቲ ህዝቢ ኤርትራ መሲሎም ብምቕራብ፡ ብሁልን ዘይብሁልን ብምልፍላፍ ዝደናገሩ ገርህኛታት እንተረኸቡ ይፍትኑ'ለዉ። ንሕድሪ ሰዉኣትና ረሲዖም፡ ኣብቲ ዘጻወዱሎም መፈንጠራ ከሳብ ምእታው ዚህመሉ ዓያሹ ኪረኽቡ ግን ከቶ ዘይሕሰብ'ዩ። ከምቲ ኣብቲ ልሙድ ዝኽረ ሰዉኣትና እንገብሮ፥ ንሓንቲ ደቒቕ'ሞ ኣዒንትና ከድን ኣቢልና፡ ነቶም ኣባና ተኣማሚኖምን ሂወቶም በጃ ከፊሎምን፡ ነዛ ሓላል መሬት ዘረከቡና ጀጋኑና ንዘክሮም። ሽዑ በመንፈስ ምስኣቶም ተራኺብና፡ ብቓላት ዘይግለጽ ፍሉይ ጽንዓትን መንፈሳዊ ሓይልን ኪፈጥሩልና'ዮም።*

*ኣብዚ ብዙሓት ንሓቂ ዝማጐቱ ጋዜጠኛታት፡ ኤርትራ ናብ ቍጠባዊ ምዕባለ ዘሐምብባ ልዑል ማርሻ ቀይራ ትጐዓዝ ከምዘላ ዝገልጹሉ ዘለዉ መድረኽ፡ ካብ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ቀጻሊ ተጻብኦታት ከጋጥማ ምኺኑ ክንዝንግዕ የብልናን። ኣብ ኤርትራና ገለ ገለ ኪውገዱ ዝግብኦም ድኽመታት እንተሃለዉ'ውን፥ ፈውሶም ከምቲ ልሙድ ኣብ መትከል ሓድነትን ጽንዓትን ረጊጽካ ብልዝብን ውፉይነትን ዝፍትሑ'ምበር፥ ብኸምዚ ዕሱባት ወጻእተኛታት ተኺሎን ከዳዓትን ዝፈታተኑዎ ኣዕናዊ ስጕምቲ ብምውሳድ ከምዘይኰነ፥ ሰዉኣትና ሕሹኽ ዝበሉና ምኽሪ ብግልጺ የብርሃልና'ዩ። **ከመይሲ፡ ዝኾነ ይኹን ንህዝቢ ኤርትራ መቓቕሉ ዕላማታት ምዝመዛ ምዕራባውያን ከጣጥሕ ንዝህቅን፡ መሬት ናይቶም ደቂሶሙሉ ዘለዉ ሰዉኣት ፈጺሙ ዘይቅበሎን፡ ከይተወልደ ዝመኸነን ውዲት ምኻኑ ኪፈልጡ ይግባእ።***

*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!*          *መትከል ኣስመሮም ሽወደን።*